# መልሲ ጉዳይካ ክመጸካ ኣብ ትጽበየሉ ግዜ

**ተወሳኺ ምጽራያት ክንገብር ምስ ንግደድ**

ኣብ ጉዳይካ ተወሳኺ ምጽራያት ክንገብር ምስ ንግደድ መልሲ ክመጸካ ዝያዳ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ተወሳኺ ምጽራያት ክንብለካ ከለና ከም ኣብነት ሰነዳትካ ብዕምቆት ከነጻርዮ ግድን ምስዝኸውን ወይ ድማ መንነትካ ንምርግጋጽ ከነጻሪ ምስ ዘለና እዩ። ካልእ ዓይነት ምጽራያት ውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዙሕ ግዜ ዩዲኣይ(UDI) ካብ ካልኦት መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታት ሓገዝ ግድን የድልዮ እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ ድማ ዝያዳ ግዜ ክወስድ ዝኽእል።

ኣብ ኖርወይ መንበሪ ፍቓድ ክወሃበካ ድዩ ኣይክወሃበን ዘሎ ተኽእሎ፣ ምስ ክትጽበዮ ዘለካ ንውሓት ግዜ ዋላሓንቲ ምትሕሓዝ የብሉን። ገለ ካልኦት ኣብ ካምፕካ ዝቕመጡ ምናልባሽ ቅድሜኻ መልሲ ክመጾም ይኽእል ይኸውን። ከምኡ ኮይኑ ከብቅዕ ጉዳይካ ገለ ድኽመት ኣሎዎ ወይ ዩዲኣይ ረሲዖምኻ ማለት ኣይኮነን። ብምኽንያት ኣወዳድባ ስራሕና እዩ ከምዚ ኮይኑ።

ጉዳይካ ርኢና ምስ ወዳእና ካባና መልእኽቲ ክመጸካ እዩ።

**ዩዲኣይ ጉዳየይ ክርእዮ ዝጥቀመሉ ግዜ ክጸልዎ ይኽእል ድዩ፧**

ክንርእዮ ዝወስደልና ግዜ ጽልዋ ከተሕድረሉ ኣይትኽእልን ኢኻ።

መልሲ መዓስ ከምዝመጸካ ንምፍላጥ እንተደኣ ደዊልካልና፣ እቲ ንህበካ ሓበሬታ ልክዕ ከምቲ ብጽሑፍ ቐሪቡ ዘሎ ሓበሬታ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ንኽንደይ ግዜ ክትጽበ ከምዘለካ ክንነግረካ ኣይንኽእልን ኢና።

ጉዳይካ ብዪዲኣይ ተራእዩ ክሳብ ዝውዳእ ክትጽበ ፍቓደኛ እንተዘይ ኮይንካ ናብ ሃገርካ ወይ ካልእ ሃገር መንበሪ ፍቓድ ዝሓዝካሉ ክትምለስ ደገፍ ክወሃበካ ይኽእል እዩ።

UDI

ንመምለሲ ጉዕዞ ደገፍ ክወሃበካ ብኸመይ ከምተመልክት፣ ከምኡውን ክንደይ ደገፍ ክወሃበካ ከምዝኽእል ኣብ www.udi.no/retur ከተንብብ ትኽእል። International Organization for Migration ውን ክትውከሶም ትኽእል ብተሌፎን 23105320 ወይ www.iom.no ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽወሃበካ።

## I ሰነዳት መንነት ወይ ናይ ሓኪም ወረቐት ክትሰድድ ከለኻ

### ሰነዳት መንነት ናብ ፖሊስ እዩ ዝስደድ።

ሰነዳት መንነት ብዝተኻእለካ መጠን ከተምጽእ ክትፍትን ኣገዳሲ እዩ። ኦርጂናል ሰነዳት ናብ ዩዲኣይ ኣይኮንካን ትሰዶ፣ ግን ኣብቲ ትቕመጠሉ ዝርከብ መደበር ፖሊስ ኢኻ ተረክቦ። ብፖስጣ ውን ሰነዳት ናብ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ወጻኢ ፖሊስ ክትሰዶ ትኽእል። ኣድራሻ እዚ ዝስዕብ እዩ፣

Politiets utlendingsenhet
v/ Dokumentsenteret
Postboks 2095 Vika

0125 Oslo

ስምካን ቁጽሪ DUFን ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ኣብቲ ፖስጣ ከተእትዎ ኣለካ።

### ናይ ሓኪም ወረቐት ናብ ዩዲኣይ ይስደድ።

ንጉዳየይ ክጸሉ ይኽእል እዩ ትብሎ ጸገማት ጥዕና እንተደኣ ሃልዩካ፣ ሓኪምካ ናይ ሓኪም ወረቐት ክህበካ ኣገዳሲ ይኸውን። ናይ ሓኪም ወረቐት ናብ ዩዲኣይ ኢኻ ትሰዶ

ኣድራሻ እዚ ዝስዕብ እዩ፣

UDI
Postboks 2098 Vika
0125 Oslo

ስምካን ቁጽሪ DUFን ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ኣብቲ ፖስጣ ከተእትዎ ኣለካ።

### ሓበሬታ ብኢመይል

ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ጉዳይካ ብኢመይል ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ። እዚ ኢመይላት ናብቲ ንስኻ ዝሃብካና ኣድራሻ ኢመይል ኢና ንሰዶ።

ጉዳይካ ካብ ፖሊስ ምስ ተቐበልናዮ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ክንሰደልካ ኢና። ድሕሪኡ ከኣ ካልእ ዓይነት መልእኽትታት ንሰድድ ኢና። ንኣብነት ጉዳይካ ይርአ ከምዘሎ ንምሕባር ወይ ውሳኔ ከምዝወሰና ንምሕባር።

እዚ መልእኽታት ብኖርሽክን እንግሊዘኛን ዝተጻሕፈ እዩ ክኸውን። ሓታቲ ዑቕባ  ምኺንካ ከኣ ዘርኢ ሓበሬታ  የብሉን። ።

ካባና ኢመይላት ክትቅበል ዘይትደሊ እንተኾይንካ ክትሕብረና ኣለካ። ዘይትደሊ እንተኾይንካ ናብ ኣገልግሎት ሓበሬታ ብተሌፎን ቁጽሪ 23 35 16 00 ክትድውል ትኽእል።